# ዜና ዕረፍቲ ገዲም ጋዜጠኛ ወልደማርያም እኪት፡

ዜና ዕረፍቲ ገዲም ጋዜጠኛ ወልደማርያም እኪት፡ ትማሊ ሮቡዕ ዕለት 5 ሰነ 2024 ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም።ንጽባሒቱ ዕለት 6 ድማ ኣብ መቓብር ጥልያን (ጸጸራት) ብክብ ዝበለ ስርዓት ፈተውቶምን መቕርቦምን ኣዝማዶምን መሳርሕቶም ነበርን ኣብ ዝተረኽብሉ ተፈጺሙ'ዩ።

ገዲም ጋዜጠኛ መምህር ወልደማርያም እኪት ሰፋፍ፥
ብዝሓደሮም ሕማም ኣብ መበል 83 ዕድሚኦም፥ ብስድራ-ቤቶም ክእለዩ ድሕሪ ምጽንሖም፡ ካብ ድኻም እዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለዩ ካብ መቕርቦም ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

መምህር ወልደማርያም እኪት፡ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት (ሕጂ ዞባ ዓንሰባ)፥ኣብ ሊበንጀን ዝተብሃለት ንእሽተይ ገጠር እዮም ተወሊዶም።

መባእታ ትምህርቶም ብኸንደይ ተጋድሎን ብድሆን ኣብ ዓዶም ክመሃሩ ከለዉ፡መኣዲ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ከኣ ኣብ ርእሰ ከተማ ጥልያን-ሮማ እዮም ተማሂሮም።

ኣብ ኣብ ሳንታ ፋሚላ (ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ነበር) ብዓውደ ስነ ጽሑፍ (Literature) ድሕሪ ምምራቖም፥ ንሓጺር እዋን ከም መምህር ኰይኖም ኣብ ሳንታ ፋሚልያ ሰሪሖም እዮም።

#ብድሕሪኡ ድማ ግራዝማች ተስፋይ ኣብራሃ ዝተብሃሉ ገዲም ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ብመልከዕ መልዕሎ (ጥሮታ)፥ ኣብ ዓመተ 1975 ዓ/ም/ፈ፡ ኣብ ዝወጽሉ እዋን፥ ንዕዖም ብምትካእ፡ነታ ህብብቲ ጋዜጣ ሕብረት ከም ዋና ኣዳላዊ ኰይኖም ደርጊ ክሳዕ ዝወድቕ ብዕቱብን ብምሉእ ተወፋይነትን ከም ዝሰርሑን ዘገልገሉን ፈለጥቶምን ማህደር ታሪኾም የረድእ።

መምህር ወልደማርያም እኪት፡ኣብ 1941 ተወሊዶም፣እንሆ ኣብ መበል 83 ዕድሚኦም ብሞት ካብዛ ዓለም ተፈልዮም ኣሎዉ።

መምህር ወልደማርያም ዕጉስን ህዱእን ሰብ ምንባሮም ቅድሚ ሎምን ሎሚ ቕነ ምስ ዜና ዕረፍቶም ምስ ተሰምዐ፡ፈለጥቶም ምስክርነቶም ሂቦሙኒ ኣሎዉ።

መምህር 7 ቋንቋታት ዝኽእሉ፥ዘይጸዓዱን በዓል፡መትከል ሰብ ምንባሮም መቕርቦምን መሳርሕቶምን የውስኡ እዮም።

#መምህር፡ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሴነት ጋይም ብሓዳር ተጻሚዶም፥ከም ማይ ጸባን ኰይኖም ብምጽንባር 8 ዉሉዳት ፈርዮም እዮም።ፍረ ዉልዶውም ድማ ደቂ ደቆም ክርእዩ በቒዖም እዮም።

#ታሪኽ ህይወት መምህር ጋዜጠኛ ወልደማርያም እኪት፡ኣብ ዕቤት ቋንቋ ዝነበሮም እጃም፥ነታ ብዊልያም ሼክስፒር ተጻሒፉ፡ብደራሲ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ናብ ትርግኛ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ "ቬነስያ ነጋዳይ" ኣብ ታሪኽ ቋንቋ ትግርኛ ንፈለማ እዋን ኣብ ጋዜጣ ዝጸሓፉላ መምህር ወልደማርያም ምኳኖም ትፈልጡ ዶ፧

#ካብቶም ህቡባትን ድሙቓትን ጸሓፍትን መሳርሕቶም ነበርን፡ከም እኒ ደራሲ ማሞ ወድነህ፥ፕረዚደንት ግርማ ወልደጊዮርግስ፣መምህር ግርማይ ገብረጻድቕ፥መምህርን ጋዜጠኛን ታደሰ ሰቋር፣መምህርን ጋዜጠኛን ኣማኑኤል ሳህለን ወዘተ ዘዕለሉኒ ድማ ከም ኣድላይነቱ ክጠቕሶ ክፍትን እየ።

ኣብ ዝቕጽል ዝውሰኽ ወሲኽ፡ኣብ ሕዮይ ዉን ዝበለኒ ተዘኽሮታት ደሚረ ሓጺር ጽሑፍ ሒዘልኩም ክንመጽእ እየ።

ንሕጂ ንምሉእ ስድራ-ቤት መምህር ወልደማርያም እከት ሰፋፍ ጽንዓት ይሃብኩም፥ደበስ ኢዮብ ይደብስኩም ክንብል ንፈቱ።

ገለ ካብ ርእይቶ  ወሃብቲ ድማ ነዚ ዝስዕብ ኣስፊሮም ይርከቡ።

"መምህር ወልደማርያም እከት ኣብ ትምህርትን ስነ ጽሑፍን ብዙሕ ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ ዓቢ መምህር እዮም ኔሮም ! ብዓቢኡ ድማ ኣብ ህይወቶምን ሓዳሮምን ኣብነታዊ ኣቦ ! ኣብርሽ ድማ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ብዛዕባ መመህር ወልደማርያም እከት ኣብ ዝቐረብካዮ ጽሑፍ ብዙሕ ገለ ካብቲ ኣስተዋጸኦኦም ከተካፍለና ስለ ዝፈተኻ ጸዓትካ ይወስኽ ! ኣምላኽ ንኹሎም ቤተ ሰብ ምጽንንዑ ይሃብ!!"-ሙሴ ኣሰፋ ካብ ካናዳ።


"ከመይ ዝበለ ወረጃ ሊቅ ኣቦ ኔሮም ባባ ወልደማርያም፡መንግስተ ሰማይ የዋርስ ንስድራ ድማ ጽንዓት ይሃብ። "-ዮሃንስ መሓሪ ካብ ካናዳ።

"መምህር ወልደማርያም እከት፡ኣብ ስርሖም ሓላፍነት ዝስከሙን ካብ ገባታ ስርሖም ብዙሕ ንደገ ምውጻእ ዘይፈትዉ፥እርኑብን ክብረቶም ዝሓለዉ ጋዜጠኛ እዮም ነይሮም።" ሓንቲ ፈላጢቶም ኣደ ካብ ኣስመራ።

"መምህር ወልደማርያም እከት፡ጻዕራም እዮም ነይሮም።እድቡን ግዱስን ምንባሮም እዝክር።ብዛዕባ ቋንቋ ብሌን ይኹን ብዛዕባ መጸናዕቲ ቋንቋ ትግርኛ ኣድሂብና ከም ዝተዘራረብና እዝክር።ብሌን ዓሌት ስለ ዘሎና ድማ ብዛዕባ ባህልን ታሪኽን ብሌን ኣዕሊልና ከም ንኸውን ኣይስሕቶን ኢየ።"-መምህር ኣማኑኤል ሳህለ ካብ ሽወደን።

ሓደ ካብ ኣድነቕቶም፥
**ኣብራሃም ብርሃነ**








# ኅ ብ ረ ት

ኣብ ርእሰ - ምምሕዳር ኤርትራ ብዝርከብ ጨንፈር መሥሪያ ቤት
ማ ስ ታ ወ ቲ ያ ሚ ኒ ስ ቴ ር
ብዘይካ ሰንበትን ሰኑይን መዓልቲ መዓልቲ ይኅተም ።

ዋና ኣዘጋጅ
ወልደማርያም እከት

ቀዳም 4 ጥቅምቲ 1982


## ( ር እ ሰ ኣ ን ቀ ጽ )

## ጥ ዕ ና ሕ ዝ ቢ ክ ሕ ሎ

ኣብ ጥዑይ ኣካል ጥዑይ ኣእምሮ ኣሎ ። ጥዑይ ኣእምሮ ምንጪ ንቕሓተ-ሕልናን ሥራሕን እዩ ። በዚ መሠረት ፣ ጥዕና ረኺቡ ብኣእምሮ ዝበሰለ ኅብረተሰብ ምዕቡል ናብራ የሕልፍ ። ብበበይኑ ምህዞታት ሳይንስን ገሥጋሥ ቴክኖሎጅን ምልኪ ከባቢኡ ሒዙ ንተፈጥሮኣዊ ከተርእዮ ከም'ቲ ድሌቱ ስለ ዝቈጻጸሮ ኣብ ማኅበራዊ ሕይወቱ ዕንቅፋት የጋጥሞ ማለት ዘበት እዩ ።

በዚ መሠረት ሓለዋ ጥዕና ኅብረተሰብ ምሕላው ማለት ምህርቲ ምስሳን ማለት እዩ ። ምህርቲ ሰሲኑ ኵሉ ይምዕብል ። ሕዝቢ ብፍረ ሥርሑ ይዓግብ ፣ ሃገር ትምዕብል ፤ ብሓጺሩ ጥጡሕ መነባብሮን ምዕቡል ሕይወትን ከምዝህሉ የነጽር ። ይኹን እምበር ሓለዋ ጥዕና ማኅበረሰብ ዝሕሎ ብውሱናት ትካላት ሕክምና መንግሥቲ ጥራይ ኣይኮነን ። ነፍስ - ወከፍ ጽሬት ከባቢኡ ንምሕላው ብዝግበር ኣስተዋጽኦ ምሉእ ይኽውን ።

ኣብ ገጠር ዒላታት ማይ ንጽህናኦም ኪሕሎ ፣ ከብትን ሰብን ዝጥቀምሉ ፈልፋሊ ማይ ክፈላለ ፣ ሕዝቢ ገጠር ተሓባቢሩ ክሊኒካት ክኸፍት ከምዝግባእ ናይ ጥዕና ጕዳይ ስለ ዝኾነ ዋሕስ-ኣግብእ ዘብል ኣይኮነን ። ሕዝቢ ከተማ'ውን ከባቢኡ ብጽሬት ኪሕዞን ሆስፒታላት ብኅብረት ከስርሕ ወሳኒ ዕማም ጥዕና ምዃኑ ዝስሕቶ ጕዳይ ኣይኮነን ።

ሎሚ ኣብ ሃገርና ብበበይኑ ሞያ ሕክምና ዝሠልጥኑ ብብዝሒ ይርእዩ ኣለዉ ። ናይዞም ሰብ - ሞያ ሕክምና ዓብይ ሃገራዊ ዕማም ፣ ኅብረተሰብ ብዝተፈላለየ ሕማማት ንኸይሳቐ ፣ ምክንኻንን ብዛዕባ ኣተኣላልያ ገዛን ጽሬት ከባብን ኣስተምህሮታት ምሃብ እዩ ። እዚ ከቢድ ኃላፍነት'ዚ ፣ ሰብኣዊ ርህራሄን ልባዊ ጻዕርን ዝሓትት ሞያ እዩ ። በዚ መሠረት ፤ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ብሓልዮት ናይ'ዛ ርእሰ-ምምሕዳር ሓለዋ ጥዕናን ብናይ ኢትዮጵያ ቤተሰብ መምርሕን ምትኅብባር ንሰብ ሞያ ጥዕና ትምህርታዊ ሰሚናር ምሃቡ ንጥዕና ኅብረተሰብ ዝግበር ፍሉይ ቆላሕታ የነጽሮ ።

ብፍላይ ጥዕና ኣዴታትን ሕጻናትን ምሕላው ማለት ጥዑያት ዜጋታት ምፍራይ ከምዝኾነ ሊቃውንቲ ሕክምና የረጋግጹ ። ምኽንያቱ ምሉእ ጥዕና ዘለዋ ኣደ ጥዑያት ሕጻናት ትወልድ ። እቶም ጥዑያት ሕጻናት ድማ ብተራኦም ሓዲሽ ጥዑይ ወለዶ የፍርዩ ።

ጥዕና ቀንዲ መሠረት ጥጡሕ መነባብሮ ስለዝኾነት ብሸለልትነት ክትርአ የብላን ። ብፍላይ ቅድሚ ምሕማምካ ተጠንቀቕ ዝብል ህያው ጭርሖ ጥዕና ብተገዳስነት ምክትታል የድሊ ። ካብ'ዚ ብዝተረፈ ምስ ሓመምካ ብቕጽበት ናብ ቤት ሕክምና ክይድካ ምፍዋስ እውን ኣድላዪ እዩ ።

ኣብ ሃገርና ብዙሓት ኣብያተ-ሕክምና ኮና ክሊኒካት ኣለዋ ብማለት ኣፍካ መሊእካ ዘዛርብ ኣይኮነን ። ይኹን እምበር ሎሚ ሕዝቢ ገጠር ኮነ ተቐማጦ ከተማ ዕዙዝ ኣገልግሎት ሕክምና ብዕለ...



ኣሳናዳኢ

# መል...

መልእክ ስብ...
ኣንድነት ኢት...
ኣስተዋጽኦ እ...
ኮነን ፣ ካብ 19...
ሊማ ኣብ ቤት...
ጌላዊት ቤት -...
ህር ቋንቋ ኣ...
1940 ጀሚሩ...
መንግሥቲ (...
ተቐይሮም ብ...
ዝተመደብሉ...
ኣብ ልዕሊ...
ሃሮ እዛ ርእ...
ሕድሮ ዝነበረ...
ሳሰባ ንዓኡ...
ክንድኡ ኢት...
ትዮጵያዊ ስ...
ድነት ኣርማ...
ምሮ መንእሰ...
ትዮጵያዊ ስነ...
ሕላው በብዝ...
ብናይ መምህ...
ምጥቃም ታ...
ትርጉም ሰን...
ኢትዮጵያን...
ሓረግ ፤ ናይ...
መነባብሮን...
ብስፈሑ ኣስ...
ነዚ ብብልሓ...
ዋስኦ ብም...

ካብ 1ይ ገጽ...
ተስፋ ኣሕ...
ምኽንያት'ዚ...
ንልዕልና...
ዘይቅበሉ...
ብዮት ዘይ...
ትን ጕጅ...
ለፉ ዓመታ...
ሽጢ ኢትዮ...